# ቁርዲድ ሕማማት ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ንውላድኩም ብክታበት ገይርኩም ተኸላኸልሉ!



ቁርዲድ ኣብ እዋን ጽድያ፡ ክረምትን ቀውዒን ኣብ ግዳም ተፈጥሮ ኣለዉ ። ሳዕርን ቁጥቋጥን ጽቡቕ ይሰማመዖም። ኣብ መላእ ዞባ ሰርምላንድ ኣለዉ። ቁርዲድ ሕማማት ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ገለ ካብ'ዞም ሕማማት TBE እዩ።

**ቁርዲድ እንታይ እዩ፣ TBE ኸ እንታይ እዩ?**

ቁርዲድ ኣብ ቆርበት ተጣቢቖም ደም ዝመጽዩ ንኣሸቱ ሓሸራ እዮም።
ቁርዲድ ኣብ ፈለማታት ጽድያ ይበራበሩ።
ቁርዲድ ሕማም TBE ክዝርግሑ ይኽእሉ።
TBE ኣብ ቈልዑን ኣባጽሕን ከቢድ ሕማም ከውርዱ ይኽእሉ።
እዚ ሕማም እዚ ኣብ ሓንጎል ነድሪ ከስዕብ ይኽእል።
ጸረ TBE ክታበት ዝወሰደ ቈልዓ በዚ ሕማም ንኸይሓምም እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ ይህልዎ።

**መን ክኽተብ ኣለዎ?**

ኵሎም እቶም ኣብ ሳዕሪ ወይ ቁጥቋጥ ኣብ ዘለዎ ደገ ዝኾነ ሰባት።

**ነጻ ክታበት ንቈልዑ**

እቲ ክታበት ቈልዑ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምምላኦም ምሃብ ክጅመር ይከኣል እዩ።
እቲ ክታበት ንቈልዑ ካብ ሰለስተ ዓመት ጀሚሩ ንሳዕሊ ነጻ እዩ።

**እቲ ክታበት ብኸምዚ ይወሃብ**

እቲ ቈልዓ ኣብ ኢዱ ብመርፍእ ይውጋእ።
እቲ ክታበት ነቲ ቈልዓ ሓንሳብ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላለይ እዋን ሓያሎ ግዜ እዩ ዝወሃቦ።
ሓያሎ ኣዋርሕ ቅድሚ እቶም ቁርዲድ ምብርባሮም እቲ ክታበት ነቲ ቈልዓ ክወሃቦ ኣለዎ።
እቲ ምኽንያት ድማ ቈልዓ እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ ጸረ TBE ኣማዕቢሉ ተዳልዩ ንኽጸንሕ እዩ።

**እቲ ክታበት ኣብ ልዕሊ ውላደይ ጎናዊ ሳዕቤናት ከውርደሉ ይኽእል'ዶ?**

ክታበት TBE ውሑስ እዩ።
ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ ዝኾነ ይኹን ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤን የብሉን።

**ክታበት ንኣባጽሕ**

ንስኻ በጽሒ ዝኮንካ እውን ክትክተብ ኣገዳሲ እዩ።

**ኣብ mittvaccin.se እቲ'ኻ ቆጸራ ሓዝ!**

1177

REGION SÖRMLAND

# ከም’ዚ ገይርካ ኢኻ ቁርዲድ ትኣልዮም

ቁርዲድ ኣብ ቆርበት ተጣቢቖም ደም ዝመጽዩ ንኣሽቱ ሓሸራ እዮም። ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ነቲ ቁርዲድ ኣልግሶ።

**መንከስቲ ቁርዲድ ንኸየጋጥመካ ዝወሃብ ለበዋ**

- ውላድካ ካብ ግዳም ናብ ገዛ ምስ ተመልሰ ኣብ ኣካላቱ ቁርዲድ ንኸይህልዎ ፈትሽ።
- ቈልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ኣካላቶም እዮም ቁርዲት ዘጋጥሞም።
- ኣብ ባይታ ጬግሪ ርእሶምን ኣብ ድሕሪ ኣእዛኖምን ካብ ምፍታሽ ኣይትዘንግ።

**ቁርዲድ ብኸምዚ ተልግሶ**

1. ነቲ ቁርዲድ ንኽተልግሶ መልቀሚ ጉጤት ተጠቀም። ኣብ ፋርማችያ ዝሸየጡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣለዉኻ።
2. ነቲ ቁርዲድ ከተልግሶ ከለኻ ብዝተኻእለካ መጠን ኣብ ጥቓ ቆርበት ቀሪብካ ሒዝካ ትኽ ኣቢልካ ስሓቦ።
3. እቲ ቁርዲድ ዝነበረሉ ቦታ ብማይን ሳሙናን ተሓጸቦ።

ምሉእ ነቲ ቁርዲት ከተልግሶ እንተ ዘይክኢልካ ጸገም የብሉን። እቲ ዝተረፈ ኣካል ናይ’ቲ ቁርዲድ መብዛሕቱ ግዜ ባዕሉ ይጠፍእ እዩ።
እቲ ቆርበት ንገለ መዓልትታት ኣብ ከባቢ እቲ መንከስቲ ቁሩብ ቅይሕን ሕበጥን ክገብር ይኽእል እዩ። ድሕሪኡ ግን ይሓዊ እዩ።

መብዛሕትኦም ብቁርዲድ ዝተነኽሱ ሰባት ናብ ሕክምና ምኻድ ኣየድልዮምን እዩ።

**ከም’ዚ ዝስዕብ ምስ ዘጋጥም ግን ናብ ሕክምና ክትኸይድ ኣለካ።**
ንኣብነት ውላድካ ረስኒ ወይ ሕማም ርእሲ ምስ ዝህልዎ ወይ ከም ዝሓመመ ምስ ዝስመዖ ናብ ሕክምና ትውከስ።



1177 | Region Sörmland